# ዘአርንብ ምፍላይ

ኣምላክ ብዝሓለፈ ኵሉ ዘመናት ንሰብ ሓንጊሩን ሓዚሉን ዝጸሮ፡ ብዘይ ጾር ተጸይሩ ክነብር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣቕሓ እግዚኣብሄር ጸይሩ ምእንቲ ክነብርውን እዩ። ኣብ ክርስትና ተጸዊርካ ከሎካ ክትጸውር ብግዲ እዩ። ዋላ እኳ ነቲ ኵሉ ጾር ተሰኪምዎ ዘሎ ባዕሉ እቲ ንዓናን ንጾርናን ጸዊሩና ዘሎ ጐይታ እንተኾነ፡ <u>ኣብቲ ተጸዊርናዮ ዘሎና ኳንና ኣቕሓ እግዚኣብሄር ምጽዋር ግና ንጸዋሪና ዘምስል ህይወት ሒዝና ክም እንነብር ይገብረና እዩ።</u>

“ርሓቑ፡ ርሓቑ፡ ካብዚ ውጹ፡ ርኩስ ከቶ ኣይትተንክዩ፡ ኣቱም ኣቓሑ እግዚኣብሄር እትጾሩ፡ ካብ ማእከል ውጹ፡ ንጽሁ” (ኢሳ 52፡11)።

ኣብ ክርስትና ጾር ዝጾሩ ብዙሓት ኣመንቲ እኳ እንተለዉ፡ ናይ መን ኣቕሓ ጸይሮም ከም ዘለዉ ዘይፈልጡ ግና ሒደት ኣይኮኑን። እግዚኣብሄር ኣብቲ ኣሰሩ ጥራይ እምበር ኣሰርና ዘይተራእየሉ ምድረ በዳ ዝጾረና፡ ሰማያውን መንፈሳውን ኣቕሓ እንጸውር ሰባት ምእንቲ ክንኮነሉ ኢሉ እዩ።

<u>እቲ ደስ ዘብል እዚ ሰማያዊ ጾር እዚ ተሰኪምካ ክትነብር ከሎካ ህይወትካ እናዕረፈት ትከይድ ምኳና እዩ።</u> ኣብ ውሽጢ እዚ ጾር እዚ ዝርአ ዕረፍቲ፡ እቲ ጐይታ ነቶም ሰማያዊ ምርጫ ዝመረጹ፡ ንሱውን ክዓርፉ ዝመርጸሎም ዕረፍቲ እዩ። <u>ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ግና መመርታ ጾር ክስከም ዘይደሊ፡ እንተ ተሰከመውን ናይ መን ኣቕሓ ጸይሩ ከም ዘሎ ከይፈለጠ ንጾሩ ጾር እናወሰኸ ዝከይድ ወለዶ ኢና ዘሎና።</u> ብንዱስ እዚ ወለዶ እዚ ተኸብኪቡ ዝከይድ ዘሎ ክርስትያን ድማ ኣብ መወዳእታ ብዕጻ እዚ ወለዶ እዚ ከም ዝፍደ ክፈልጥ ግቡእ እዩ (ዘጸ 33፡14 መዝ 55፡6 መዝ 116፡7 ኢሳ 28፡12 ማቴ 11፡29 እብ 4፡3 ራእ 14፡13)።

ኣቕሓ እግዚኣብሄር ተሰኪምካ ርኩስ እናተንከካ ክንበር ስለ ዘከኣል “ርኩስ ከቶ ኣይትተንክዩ” ብምባል ቃል እግዚኣብሄር ይምዕደና። ኣነ “ደሓን ኣቕሓ እግዚኣብሄር ጾይረ ኣብ መንጐ እቶም ርኩሳት ክነብር እክእል እየ” ንብል ንከውን። እቲ ኣቕሓ እግዚኣብሄር ዝጾረ ሲምሶን፡ ንርክስቲ ደሊላ ክትንኪ ስለ ዝመረ'ዩ ኣምላክ ነቲ ክቡር ኣቕሓ፡ ዘይግዙራት ከማርክዎ ኣሕሊፉ ዝሃቦ። ኣቕሓ እግዚኣብሄር ተሰኪምካ ምስ ዘይግዙራት ምሕባር፡ ከም ሲምሶን መስሓቕ ትርኢት ክሳዕ እትከውን ብዑረት ናብ ሞት ይመርሓካ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ኵሉ ጊዜ ርዝነት እቲ ተሰኪምናዮ ዘሎና ኣቕሓ ምሕሳብ ካብ ርክሰት ዘምለጡ ረዘንቲ ሰባት ክንከውን የክእለና። ኣብ ምትንካይ ሓይሊ ከም ዘሎ እንርኢ፡ ኣብ ታሪክ እታ ን12 ዓመት ደም ዛሕዛሕ ዝብላ ዝነበረት ሰበይቲ እዩ። ከምኡውን ነቲ ርኩስ ዝትንኪ ሰብ፡ ሓይሊ ናይቲ ርክሰት ናብኡ ሓሊፉ ነቲ ቅዱስ ህይወቱ ተቈጻጺሩ ከበላሽዎ ከሎ ኢና እንርእዮ።

ኣቕሓ እግዚኣብሄር ምጻር ጥራይ ውሕስነት ቅድስና ኣይኮነን። <u>ዝያዳ እኳ ደኣ ሓጢኣት</u>

እቲ ኣቐሓ እግዚኣብሄር ጸይሩ ርክሰት ዘስተማቕር ሰብ ይብእስ። እግዚኣብሄር በቲ ሒዝናዮ ዘሎና ኣገልግሎትን መንፈሳዊ ዕዮን ከይተዛነና ኵሉሳዕ ርእስና ካብ ርክሰት እናሓሎና ክንነብር ይደልየና። ካብቲ ርክሰት ዝዝንብየሉ ዘሎ ከባቢ ምርሓቕ (ምፍላይ) ድማ መንፈሳዊ ጅግንነት እምበር ፍርሃት ኣይኮነን (ዘሌ 5፡2, 15፡11 ዘሁ 19፡13)።

ብዙሕ ሰብ ኣብቲ ርክሰት ዝዓብለሎ ዓለም (ብእኡ) ይጐዓዝ ስለ ዘሎ፡ ንሕናውን ብእኡ ክንጐዓዝ ከም ዝግብኣና ኮይኑ ይስምዓና ይኸውን። ክርስትና ግና ብብዝሒ ደገፍቲ ተዓቂኑ ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ከመይ ጌርና ካብዚ ክንርሕቅ  ከም ዘሎና ደኣ ንሕሰብ እምበር፡ ነቲ በዚ ዝርከብ ራህዋ ረሲኣን (መዝ 73፡3,25) እናጠመትና ነቲ ብእኡ ኵሉ ዝኾነልና እግዚኣብሄር ኣይንረስዓዮ። ነቲ ርሓቕ ዝብል ሰማያዊ ምኽሪ ምእዛዝ፡ ካብ ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ምኽሪ ኣሒቶፌላት (1ሳሙ 17፡1-29) የናግፈና እዩ እሞ፡ ብምርሓቕ ናብ ጐይታ እናቐረብና ክንከይድ የድልየና።

ሓደ ካብቲ ንጸሎትና ናሕሲ ከይሓልፍ ብዝዓግቶ ነገር፡ ኣብ ማእከል እቶም ዘይግዙራት ኴንና እግዚኣብሄር ግዙር ልቢ ክህበና ምጽላይ እዩ። ገና ምስቶም ዘይፈርሁ ፈራሃት ኴንካ፡ ምሳታቶም ዘሎ ሕብረትውን ገና ጸኒዑ ከሎ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ምስ ናይ ኵሎም ቅዱሳን ሓቢሩ ዝርአ ጸሎት ክህልወና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ንቅድስናና ጸሎትን ናብራን እናወሰክና ክንነብርን፡ ክንጽልን እግዚኣብሄር ጸጋ የብዝሓልና።

“ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ፡ ዓለም ነቲ ናታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ፡ ምፈተወትኩም ነይራ። ኣነ ደኣ እየ ካብ ዓለም ዝሓረኩኹም እምበር፡ ካብ ዓለም ኣይኮንኩምን፡ ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ” ዮሃ 15፡19።

ኣብዚ ዘመን እዚ ኣብ ኣፍ ደገ ዓለም ኮይኖም ናይ ዓለም ዜግነት (መንነት) ዝጽበዩ ዘለዉ ኣመንቲ ሒደት ኣይኮኑን። እቲ ዝዓበየ ሕቶ ግና ንሕናኸ ኣብ ከምዚ ዓይነት መስርዕ ንህሉዶ ንኸውን ዝብል እዩ። እዚ ማለት ጽድቂ ዝመስል ሓጢኣት ብምግባር ኣብ ዓለም ተፈታዊ ሰብ ክትከውን ምጽዓር ማለት እዩ። ገሌናውን እግዚኣብሄር ናይ ውሽጢ እዩ ዝርኢ ኢልና ኣብ ደጋዊ ምስልና ተዋስኦ ናይ ዓለም እንሰርሕ ሒደት ኣይኮንናን። ኣብዚ ግን ዋላኺ ብውሽጥና ናይ እግዚኣብሄር ኮይኑ ይስምዓና እንተኮነ፡ ብደጊና ዝንበብ ደብዳቤ ግና ናይ ዓለም ደብዳቤ እዩ። ሰብ እቲ ብደገ ዝነብሮ ናብራ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ውሽጡ ዝነብሮ ናብራ እዩ። ኵሉ ሳዕ ብክልተ መንነት ክንነብር ኣይንክእልን ኢና። ከምቲ ጐይታ ካብ ዓለም ዝሓረየና ንሕናውን ካብ ዓለም ንጐይታ ክንሓሪ ይግብኣና። ነቲ ዝሓረየና ጐይታ እንተ ዘይሓሪና ግና፡ ንሕርየቶም ዘየጽንዑ ተባሂልና ካብቲ ሕሩይ ወለዶ ንወጻኢ ክንድርበ ኢና። ስለዚ ጐይታ ናይ ዓለም ኣይኮንኩምን እናበለና ተመሊስና ናይ ዓ ለም ክንኮነሉ እንደሊ ዘሎና ምኽንያት ደኣ እንታይ እዩ? (1ጴጥ 1፡2 ኤፌ 1፡4 ገላ 4፡30 ዮሃ 15፡16 ማቴ 25 34)።

ዓለም ነቲ ናታ ጥራይ እያ ትፈትዎ፡ ነቶም ናይ ክርስቶስ ድማ ትጸልኦም። ስለዚ እቲ ምርጫ ወይ ብዓለም ክትፍቶ ወይ ድማ ናይ ክርስቶስ ብምኳን ብዓለም ክትጽላእ እዩ። ኣብዚ ቀራና መንገዲ ኴንና እንታይ ከም እንመርጽ ክንርኢ ኣሎና። “ሙሴ ምስ ዓበየ ወዲ ጓል ፈርኦን ከይበሃል ብእምነት ኣበየ” (እብ 11፡24)። ሙሴ ቆልዓ ከሎ፡ ወዲ ጓል ፈርኦን ይመስሎ ስለዝነበረ ኣብ ዘይርስቱ ከም ዝተረስተየ ኮይኑ ይነብር ነይሩ። ምስ ዓበየ

ግና ወዲ ጓል ፈርኦን ከይበሃል ብእምነት ኣብዩ። ኣብ መንጐ ቁልዕነትን ዕብየትን ድማ ናይ መንነት ምርጫ ዘምርጽ ፍልልይ ከም ዘሎ ንርኢ። እቲ ቆልዑ ከሎና ዝነበረና ልቢ፡ ሕጂ ምስ ዓበናውን እቲ ልቢ እቲ ማለት ገና ወዲ ጓል ፈርኦን ኴንካ ናይ ምንባር ድሌት እንድሕር ኣሎ ክንዮ እታ ደም እትጭንጉዕ ልቢ፡ ካልእ መንፈሳዊ ልቦና ኣየጥረናን ኣሎና ማለት እዩ። ሙሴ ምስ ዓበየ ግና ብእምነት ወዲ እዛ ዓለም እዚኣ ከይበሃል ኣብዩ። ምናልባት ሙሴ እቲ ዝነበሮ ቦታ ስለ ዝሓደገ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት መንግስቲ ፈርኦን ኮይኖም ቅያር ሙሴ፡ ኣብዚ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ዘመልክቱ ኣመንቲ ኣለዉ። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ካብ ናይ ክርስቶስ ክበሃል፡ ወዲ ጓል ፈርኦን ክበሃል ዝመርጽ ኣማኒ ሒደት ኣይኮነን። ምናልባት ኣብቲ ሙሴ ብእምነት ተደሪኹ ንድሕሪት ሓዲግዎ ዝወጸ ርክሰት ግብጺ፡ ነዚ ሓጢኣት እዚ ነማዕዱን ንምነን ዘሎና ክርስትያናት ክንደይ ኮን ንከውን? ካብ ቤት ኣቦካ ወዲእካ ምስ ዓለም ክትጻወት ከሎካ፡ ኣብ መወዳእታ ቋርፍ ናይ ሓሰማታት ሃረር ክሳዕ እትብል ኣብ ውርደት ዝወደቐ ድካ ወዲ ንጉስ ይገብረካ። እቲ ሙሴ ብእምነት ዝሓደጎ ውርደት፡ እዚ ጥፉእ ወዲ መሪጽዎ ክትርኢ ከሎካ፡ ካብ ዓለም ምውጻእ ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ዓለም ምእታው ከም ዘሎ'ውን ንርኢ። ግናከ እዚ ዓለማዊ ንምኳን ዝግበር ዘሎ ቅድድም፡ ኣፍ ደገ ናይቲ ቋርፍ ሓሰማታት ንምብላዕ ዝግበር ዘሎ ቅድድም ምኳኑ ክርሳዕ ኣይግብኦን እዩ (ማቴ 16፥20፤ ሉቃ 21፥34፤ ቆሎ 3፥2፤ ቲቶ 2፥12፤ ያእ 4፥4)።

ጐይታ ካብ ውሽጢ ዓለም ምስ ኣውጽኣና ንሕናውን ንዓለም ካብ ውሽጥና እንተ ዘይኣውጻእናያ፡ ውዕለት ክርስቶስ ኣብ ህይወትና ይመውት ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ጐይታ ኵሉ ሳዕ ካብ ርክሰት ዓለም ክንፍለ ዝነግረና።

ብዙሕ ጊዜ "ኣነ ናይ ጐይታ እየ" ኢልና ንዛረብ እኳ እንተኮንና፡ ነዚ ብግብሪ ዘረጋግጽ ግና፡ ከምቲ ጐይታ ካብ ዓለም ዘይኮነ፡ ንሕናውን ካብ ዓለም ዘይምኳንና ምርግጋጽ እዩ (ዮሃ 17፥16)። ካብ ዓለም ዘይምኳን ማለት፡ እቲ ዓለም ትሓስቦ ዘላ ሓሳብ ገዲፍካ፡ እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ምሕሳብ ማለት እዩ (1ዮሃ 2፥15፤ 2ጢሞ 2፥4፤ ገላ 6፥14፤ 1ቈረ 7፥31)።

ኣብዚ ጐይታ ካብ ዓለም ኣይኮንኩን ክብል ከሎ፡ ምንጩ ካብ ሰማይ (ኣቦ) ምኳኑ የርኢ ኣሎ። ስለዚ ድማ እዮም ዝሓለፉ ቅዱሳን ካብ ዓለም ስለ ዘይኮኑ ኣብዚ ምድሪ ከም ኣጋይሽን ስደተ ታትን ኮይኖም ዝነብሩ ዝነበሩ፡ ኣብ ዘይሃገሮም ኮይኖም'ውን እትሓይሽ ተስፋ እናኣማዕደዉ ዝሓለፉ። ሎሚ ሓደ ካብ ዓለምን ካብ ጐይታን ዝኮነ ድቓላ ህዝቢ ክምስራሕ ዝፍተነሉ ዘሎ ጊዜ እዩ። እቶም ናይ ብሓቂ ናይ ጐይታ ዝኮኑ ሰባት ግና፡ ከምቲ ጐይታ ካብ ዓለም ዘይኮነ ንሳቶምውን ካብ ዓለም ኣይኮኑን። ኣብዚ ናይ ምድሪ ናብርኦም ድማ ዝሓይሽ ተስፋ ከም ዘለዎም ፈሊጦም፡ ምስቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ከይዳቐሉ ማለት ዓለም ናብ ውሽጦም ከይትኣቱ ርእሶም ብቅድስና እናሓለዉ፡ ጐይትኦም ክመጽእ እናተጸበዩ ከም ኣጋይሽን መጻእተ ታትን ከይኖም ይሓልፉ ኣለዉ (2ተሰ 3፥6፤ ኤፌ 5፥11፤ ግብ 2፥40፤ ዮሃ 17፥16)።

"ስለዚ ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን፡ ርኩስ ኣይትተንክዩን፡ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር" 2ቈረ፥6፥17።

ክርስትያን ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ናይ ምኳን ምርጭኡ በቲ ናይ ዓለም ከይከውን ዝመርጾ ምርጫ የረጋግጾ። ኣብ ኣምላክን ኣብ ዓለምን ብሓንሳእ ቅቡላት ክንከውን ኣይከኣልን እዩ። እቲ ኣብ ክልተ ሚዛን ቅቡል ክከውን ዝደሊ ግና፣ ሓደ መዓልቲ ኣይምዉ ቕ፣ ኣይዝሑል ተባሂሉ ካብ መንግስቲ ጐይታ ክድርበ እዩ። ናይ ክርስትያን ናይ መወዳእታ ምርጫ ኣብ ኣምላክ ቅቡል ዝኮነ ህይወት ክህልዎ ክክእል እዩ። ከመይ ገይረ ኣብ ኣምላክ ቅቡል እከውን ዝብል ሕቶ ግና ቀዳማይ ደረጃ ናይቲ መልሲ እዩ።

## ልዕል ኢልና ከም ዝርኣናዮ እግዚኣብሄር ክቕበለኩም እየ ዝበሎም ሰባት፣-

1ይ፣ ካብ ማእከል እቶም ረሲኣን ዝወጹን ዝተፈለዩን እዮም። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ገሊኦም ካብቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ይወጹ፣ ገሊኦም ከኣ ካብ ዓለም ወጺኦም ናብ ዘልኣለም ህይወት ይኣትዉ። ኣዳም ካብ ነገት ኤደን ወጺኡ ናብ ዓለም ክምለስ ከሎ፣ ከም ሎጥ ዝበሉ ከኣ ካብ ሰዶምን ጎመራን ወጺኦም ናብቲ ዝድሕንሉ ከረን ሃዲሞም ይወጹ። ክርስትና ኣብ ማእከል ዓለም ኴንካ፣ ካብ ዓለም ዝተፈለየ ህይወት ሒዝካ እትነብሮ ናብራ እዩ። ካብ ማእከል ዓለም ክትወጽእን ክትፍለን ከሎኻ፣ ራህዋ ረሲኣን'ውን ብድሕሬኻ ገዲፍካ ክትወጽእ ከም ዘሎካ ርዱእ እዩ። ንራህዋ ረሲኣን ክገድፍ ዘይመረጸ፣ ንራህዋ መንግስቲ ኣምላክ ክገድፍ ከም ዝመረጸ ክፈልጥ ኣለዎ። ካብ ማእከል ዓለም ክንፍለን ክንወጽእን ከሎና ራህዋ ረሲኣንውን ብድሕሬና ገዲፍና ክንወጽእ ከም ዘሎና ርዱእ እዩ። ኣብ ህይወትና ጣዕሚ እዛ ዓለምን፣ ጣዕሚ መንግስቲ ኣምላክን ብሓንሳእ ከነስተማቕርን ከነኣንግድን ስለዘይንክእል ናብቲ ተዳልዩልና ዘሎ ርስቲ፣ ካብዛ ዓለም ሃዲምና ክንወጽእ የድልየና እዩ። ከምቲ ኒቆዲሞስ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ ብሕት ኢሉ ብዛዕባ ምድሓኑ ንጐይታ ዝሓቶ ዝነበረ፣ ካብዛ ዓለምን ፍትወታን ተፈሊኻ ብሕት ኢልካ ናብ ጐይታ መጺእካ ምዝራብ ግድን እዩ። ብኣንጻሩ እቶም ናይ ጐይታ ዝነበርና፣ ምድሪ ምስ መሰየ ተሓቢእና ብሕት ኢልና ምስ ዓለም ንራከብ ከይንህሉ እሞ ከይተረድኣና ኣብ መገዲ ረሲኣን ንኣቱ ከይንህሉ ክንጥንቀቕ ይግብኣና እዩ።

2ይ፣ ርኩስ ከቶ ዘይትንክዩ እዮም። እዚ ሓሳብ እዚ ከምቲ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስውን ተገሊጹ ኣሎ። "ርክሰት ዘይምትንካይ" ብማዕረ ኣብ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን እንረክቦ፣ ፋሽኑ ዘይሓልፍ ቅዱስ ናይ እግዚኣብሄር ትእዛዝ እዩ። ሽሕ እኳ እዚ ዘሎናዮ ዘመን ንርክሰት፣ ከም ሞያ እምበር ከም ሓጢኣት እንተ ዘይወሰዶ፣ ክርስትያን ግና ኣብዚ ዝቕየር ዘሎ ዘመን ዘይቅየር ሰማያዊ ሰብ ኮይኑ እዩ ዝነብር። ኣብዚ ዘመን'ዚ ንዘመናውነት ናይ ዓለም ኣብ ክርስትና ከእትዉዎ ዝደልዩ ኣብ ዘይዘመኖም ዝነብሩ ዘመናውያን ኣመንቲ ኣለዉ። ካብ ርክሰት ተፈሊኻ ቅዱስ ህይወት ምሓዝ ግና ሞዴል ዘይኮነስ መንነት ስለ ዝኮነ፣ ንቅድስናና ኣዚና ከነስተብህለሉ ዘሎና ዘመን እዩ።

ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ተቐሪንና ግራት ኣምላክ ክሓርሰየ እንተበልና፣ ንኣገልግሎት ኣምላክ ዘበላሹ መሪር ሱር ንዘርእ ከም ዘሎና ክንፈልጥ ይግብኣና። "ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ" ዝብል ሰማያዊ ትእዛዝ እንታይ ኮን ኢልና ምተርጐምናዮ? ገሌና ቋንቋኦም፣ ገሌና ሓሳባቶም፣ ገሌናውን ናብርኦም ክንለማመድ እናወዓልና፣ "ናብቲ ናይ ሰማይ ቤትና ንጐዓዝ ኣሎና" ክንብል ንክእል'ዶ? ስለዚ ኣቴም ኣቐሑ እግዚኣብሄር እትጸሩ ሰባት ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን ርኩስ ድማ ኣይትተንክዩን፣

እግዚኣብሄር ድማ ክቅበለኩም እዩ።

ኣምላክ፡ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኮም ክከውን እየ፡ ንሳቶምውን ህዝበይ ክኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላክ ኢና" 1ቈረ 6፡16።

ንህይወት ክርስትና፡ ናብራና ኮይኑ እንነብሮ ኣምላክ ኣባና ምስ ነበረ ጥራይ እዩ። ንዘለኣለም ህይወት እንመላለስ ኣምላክ ኣባና ምስ ተመላለሰ ጥራይ እዩ። ኣብ ሓጢኣት ዘሎና መርገጺ ተሪር ዘይኮነሉ ምኽንያት በቲ እግዚኣብሄር ዝርእየሉ ዘሎ ኣዒንቲ ንርኢ ስለ ዘየሎናን እግዚኣብሄር ብምልኣት ኣባና ክሓድር ስለ ዘየፍቀድናን እዩ። <u>ንርእስና "ኣነ ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላክ እየ" እንተኢልና ግና ነዛ ቤት መቕደስ ከይነማስና ኵሉ ሳዕ እናሓሎናያ ክንነብር ንመባጻዕ ኣሎና ማለት እዩ</u> (ዘፍ 5፡22,24፤ ዘፍ 6፡9፤ ሚል 2፡6፤ ራእ 3፡4)።

ሄዋን ነታ ኦም ክትርእያ ከላ "ጥበብ ብምሃባ እተብህግ" ኦም ኮይና ተራእያታ። ብድሕሪ እቲ ፍረ ግና ሞት ከም ዝነበረ ኣይረኣየትን። ክርስትያን ብድሕሪ እታ ፍረ፡ ሞት ከም ዘሎ ርእዩ ንጥበራ ሰይጣን እምቢ ክብል እዩ ተጸዊዑ። ሰይጣን ዘርእየና ፍረ፡ ዓስቢ ዘይብሉ ፍረ ምዃኑ ኣሚንና ክንገንሖ እምበር ክንሓብሮ ኣይግብኣናን። <u>ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን "ግንሕዎም ደኣ እምበር፡ ነቲ ፍረ ዘይብሉ ግብሪ ጸልማትሲ ኣይትሕበርዎ።" ብምባል ንቅድስናና ከመይ ጌርና ቅድስና ከም እንውስከሉ ይምዕደና</u> (ኤፌ 5፡11)።

እቶም ሎሚ ካብዚ ኣብ ዓለም ዝግበር ዘሎን፡ ብዙሓት ዝገብርዎ ዘለዉን ግብሪ ጸልማት ገለ ረብሓ (ፍረ) እንተ ረኺብናሉ ኢልና ናብኡ ንጽጋዕ ዘሎና፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣብ ጸልማት ፍረ ከም ዘየለ ይምዕደና። ገለ ፍረ እንተ ተረኺቡ'ውን፡ ፍረ ሓጢኣትን ሞትን እምበር ንህይወት ዝከውን ፍረ የብሉን። ስለዚ ነቲ ኣብ ከባቢና ዝዝምቢ ዘሎን ኣብ ልብናውን ትንዕ ዝብለና ዘሎን ግብሪ ጸልማት ክንገንሖን ክንሃድመሉን እምበር ክንሓብሮ ኣይግብኣናን።

ካልእ ካብቶም ምሳና ንናይ ዘልኣለም ህይወት ዝጐዓዙ ዘለዉ ዝመስሉ፡ ግናከ ንድሕሪት ገጾም ዝጐዓዙ ዘለዉ እናተጠንቀቕና ክንነብር ቃል እግዚኣብሄር ይምዕደና። ኣብቲ ብቅዱስ ሰንደቕ ዕላማ ዝልለ ናብራ ክርስትና፡ ካልእ ዓለማውነት ዝተሓወሶ ሰንደቕ ዕላማ ክተክሉ ካብ ዝደልዩ ብዘይ ስርዓት ዝመላለሱ ኣሕዋት እናተጠንቀቕና፡ ክንፍለ ይግብኣና። "... ካብቲ በቲ ካባና እተቐበሎ ምህሮ ዘይነብር፡ ብዘይ ስርዓት ዝመላለስ ዘበለ ሓው ክትፍለዩ፡ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንእዝዘኩም ኣሎና" 2ተሰ 3፡6።

እዚ "ነዛ ዓለም ኣይትምሰልዋ" ዝብል ቃል ብዙሓት ቅዱሳን ተሞርኪሶም ዝሰገርሉ ሰማያዊ ቃል እዩ። ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ንክፈልጡ ምስ ሓተቱ ዝተዋህቦም መልሲ እንተነይሩ፡ "ነዛ ዓለም ኣይትምሰልዋ" ዝብል እዩ። ነዛ ዓለም እናመሰለ ዝከይድ ዘሎ ኣማኒ፡ ካብቲ ምስሊ ኣርኣያ ክርስቶስ ወዲቑ ከም ዘሎ ክፈልጥ የድሊ። ክርስትያን ግና ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑ ንክፈልጥ ብምሕዳስ ሓሳቡ ተለዊጡ ነዛ ዓለም እዚኣ ንከይመስል፡ ዝባኑ መሊሱላ ይህደም (ሮሜ 12፡2)። ሓሳብና ብምሕዳስ እንተ ተለዊጥና ሓሳብ ክርስቶስ ዘሎና ሰማያውያን ሰባት ናብ ምዃን ኢና ንከይድ። ብሓሳብና ንክንልወጥ እንተ ዘይተጊህና

ግና፣ ብሓጢኣት ዝሞተ ኣእምሮ ሒዝና ነዛ ዓለም እናመሰልና ኢና እንነብር (ቲቶ 3፡5፤ ቆሎ 3፡10፤ ኤፌ 4፡23፤ 2ቈረ 4፡16፤ ሮሜ 12፡12)።

ስለዚ ነቲ ምሉእን፣ ባህ ዘብልን፣ ሰናይን ፍቓድ ኣምላክ ኣብዛ ምልኣትን ባህታን ሰናይ ነገርን ዘይብላ ዓለም ኳንና፣ ክንፈልጦን ክንነብረሉን፣ ኣእምሮና ካብ ዓለማውነት ኣሐዲስና ነዛ ዓለም ከይመሰልና ክንነብር የድልየና።

መስቀል ጐይታ ንብዙሓት ክርስትያናት ትምክሕቶም እዩ። መስቀል ጐይታ ዘይምክሓሎም ኣመንቲ ግና ሒደት ኣይኮኑን። እቲ ምኽንያት ንመስቀልን፣ ንዕላምኡን ብሓንሳእ ክነብርዎ ስለ ዘይከኣሉ እዩ። ክርስቶስ ኣብ መስቀል ክመውት ከሎ ክልተ ፍጻሜታት ተፈጺሙ። እቲ ሓደ፣ ዓለም ንዓና (ንኣመንቲ) ከይትከውን ኣብኡ ተሰቒላ ሞይታ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ንሕና ንዓለም ከይንከውን ኣብኡ ኣብቲ መስቀል ሞትና። ግናኸ እቲ ሞይቱ ህያው ዝኾነ ክርስትያን ንዕዮ ናብ ተሰሎንቄ ምስ ከደ፣ በቲ ዝንዓቕ ርክሰት ተደኒቑ እቲ ዝሞተ ስጋኡ መሊክዎ ናይ ዓለም ኮይኑ ትረኽቦ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ድማ ዕላማ መስቀል ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰብ ሞይቱ ትረኽቦ (ገላ 6፡14)።

መስቀል ዘይብሉ ክርስትና ካብ ዘየለ፣ ንዝሞተት ዓለም ምሟት ዘይብሉ ክርስትናውን የለን። መስቀል ንዓለም ከይንከውን እንሞተሉ ንኣምላኽ ንክንከውን'ውን ህያው እንኾነሉ ማእከል ክርስትና እዩ። ስለዚ እቶም "ምስ መስቀል ክርስቶስ እጐዓዝ ኣሎኹ" ኢልና ግናኸ ገና ብሓጢኣያት ንዓለም እናኣሓጐስና ንነብር ዘሎና፣ ገና ሞት ዘድልዮ ለውጢ የድልየና ኣሎ እሞ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንምለስ የድልየና። "ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተፈተዋ፣ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን" 1ዮሃ 2፡15።

ኣብ መወዳእታ ምፍላይ ዘይብሉ ቅድስና፣ ምክሪ ኣምላኽ ዘይብሉ ወንጌል ሒዝና ብዘይ መንፈሳዊ ኣክናፍ ናብ እግዚኣብሄር ክንበርር ከይንፍትን፣ ንፍቓድ ርእስና ከይሞትና ንፍቓድ እግዚኣብሄር ከነገልግል ከይንጅምር፣ ካብዛ ዓለም ተፈሊና፣ ንዓለም ከይንከውን'ውን ሞትና፣ ኣብ መዘከርታ እግዚኣብሄር ዝርአ ህይወት ሒዝና ክንነብር እግዚኣብሄር ጸጋ የብዝሓልና። እዚ ድማ እዩ ምስ ቅዱሳን ዘአርንብ ምፍላይ።

ጐይታ ይባርኽኩም!!!